ሕብረተሰባዊ ምልዕዓል (social mobilization)

ኣብዚ ዓመት ዝተትሓዘ ሽቶ ኣብ ኩለን ጣብያታት ትግራይ ዘተ ማሕበረሰብ ንምጀማርን ናብ ትልሚ ንኸኣትው እንትኸውን ነዚ ስራሕ ንኸትግበር ካብ ሕድ ሕድ ጣብያ መሳለጥቲ እቲ ዘተ ማሕበረሰብ ምስልጣንን ዘድሊ ቅድመ ምድላዋትን ተገይሩ ብመሰረት ዝተታሓዘ ትልሚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዕሊ 1,300 መሳለጥቲ ዘተ ማሕበረሰብ ስልጠና ብምሃብ ኣብ ኩለን ጣብያታት ዘተ ማሕበረሰብ ኽጅመር ተገይሩ'ዩ። እዚ ስልጠና በብወረድኡ ዘተሓባብሩ ልዕሊ 120 ዝኾኑ ሰብ ሞያታት ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ንክወሃብ ተገይሩ'ዩ።

ነዚ መደብ'ዚ ንምስላጥ ዝሕግዝ በጀት ናብ ኩለን ወረዳታት ተደፊኡ እስካብ ሕዚ ልዕሊ 63 ሺሕ ህዝቢ ኣብ ኩለን ጣብያታት ትግራይ ብዛዕባ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ እናተዛተየ ይርከብ።

2 .1 ዘተ ማሕበረሰብ

| ተ.ቁ | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| | | በዝሒ ጣብያታት | በዝሒ መድረ ኻት | ትልሚ ኣውፂአን ናብ ስራሕ ዝኣተዋ | በዝሒ ተሳተፍቲ |
| 1 | 1999 | 151 | 297 | 111 | 20790 |
| 2 | 2000 | 725 | 908 | 230 | 63,560 |
| 3 | ድምር | | 1205 | 341 | 84350 |

ዝርገሐ ትምህርትን ምልዕዓልን

ሕብረተሰብና ብዛዕባ ለበዳ ዘለዎ ግንዛበ ፍልጠትን ክዕሙቕን ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናተተግበሩ እዮም። ብፍላይ ኣብዚ ዓመት ምስ ወፍሪ ሚሊንየም በዓል ኣከባብራ ተታሓሒዙ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ብዛዕባ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ መልእኽቲ ብዝተፈላለዩ መራሕቲ ንክወሃብ ተገይሩ'ዩ።

ብዛዕባ ምርመራ ኣመልኪቱ ፅዑቕ ኣስተምህሮ ዝተውሃበ እንትኸውን ብርክት ዝበለ ህዝቢ ብዓርሰ ድልየቱ ናብ ምርመራ ዝወሓዘሉ ኩነታት እናተፈጠረ ብድምፂ ወያነ ፣

This document was created using SOLIDPDFTools To remove this message, purchase the product at www.SolidDocuments.com

መቓልሕ ትግራይ ፣ ጋዜጣ ወይን ፣ መልእኽትታት ኣድላይነት ምርመራ ኤች ኣይ ቪ ፡ ምጥቃምን ኣጠ ቓቕማ ፀረ ቫይረስ መድሓኒት ምስ ዓለም ለኸ መዓልቲ ኤድስን ዝተተሓሓዙ ዝተፈላለዩ

መልእኽትታት ፓነል ምይይጥን፣ ብመድረኽ ንዛተን ንብርክት ዝበለ ሰማዓይ ንክባፀሑን ዝለዓለ ግንዛበ ንኽፈጥሩ ተገይሩ'ዩ።

ብተወሳኺ ኣብ ክልልና ዝሕተማ ህንፀት ጋዜጣን 72 ሺሕ ኮፒ በብ 6 ወርሑን ዝሕተም ዋልታ መፅሄት'ውን ብ24 ሺሕ ኮፒ ተሓቲሙ ንሕብረተሰብ ክከፋፈል ተገይሩ'ዩ።

ሕዳር 21 ብዓመቱ ዝኽበር መዓልቲ ኤድስ'ውን ኣብ ክልልና ብፍሉይ ድምቀት ምስ ሕዳር ፅዮን በዓል ተታሓሒዙ ልዕሊ 400,000 ዝግመት ህዝቢ ኣብ ዝተረኽበሉ መልእኽቲ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንኽመሓላለፍ ተገይሩ'ዩ።

ነዚ ሓገዝቲ ዝኾኑ በረርቲ ፅሑፋት፣ ብሮሸራት ፣ ፖስተራት ካናቲራታት ተዳልዮም ናብ ኩለን ወረዳታት ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ሴክተራት ተኸፋፊሎም ልዕሊ 150,000 በራሪ ወረቐት 10,000 ፖስተራት ልዕሊ 2,000 ካናቲራታት ብቤትፅሕፈትና ተዳልዮም ተኸፋፊሎም

ልዕሊ 52 ስዓታት ዝሸፈነ ፈነወ ሬድዮ ብድምፂ ወያነ ትግራይ መደብ ነዳምፅ ፣ ንማሃር ፣ ንንበር ተመሓላሊፉ ብርክት ዝበለ ሰማዓይ ንኽከታተሎ ዝተገበረ እንትኸውን ብ ARC ዝዳሎ ሬድዮ ፕሮግራም'ውን ንልዕሊ 6 ስዓት ፈነወ ተገይሩ'ዩ። ብተወሳኺ ፕሮግራም ቴሌቪዥን ክፍሊ ትግርኛ ስፖትን ደኩመንታሪን መደባት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ክሓልፍ ተገይሩ።

ማእኸል ሓበሬታ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ክልልና ኣብ መቐለ ከተማ ን 12 ሺሕ ተጠቀምቲ ግልጋሎት ሓበሬታ ክረኽቡ ዝገበረ እንትኸውን ብርክት ዝበለ ፖስተራትን ፅሑፋትን ንተጠቀምቲ ክባፃሕ ገይሩ።

This document was created using SOLIDPDFTools To remove this message, purchase the product at www.SolidDocuments.com

This document was created using SOLIDPDFTools
To remove this message, purchase the product at www.SolidDocuments.com